# ማእሰርትን ናይ ፖሊስ ቁጽጽርን ኣብ

## ዘጋጥመሉ እዋን ንስደተኛታት ዝወሃብ ምኽሪ

1. ብቋንቋኻ ጥራይ ተዛረብ። በቲ ትመልኮ ቋንቋ ምስ እትሕተ ጥራይ መልስ። ቋንቋ እንግሊሽ ትዛረብ ዲኻ እንተኢሎሙኻ ኣይዛረብን የ በሎም።
2. ንኽትፍርም ጸቅጢ እንዲሒር ጌሮሙልካ ካብ ምፍራም ወጻኢ ኣምራጺ እንዲሒር ሲኢንካ፡ በቲ ትዛረቦ ቋንቋ “ኣይተረደኣንን” ዝብል ጽሑፍ ኣቀምጠሉ።

## ብ ፖሊስ እንዲሒር ተታሒዝካ።

1. ብቅልጡፍ ን ትኣምንዎ ሰብ ሓብሩ።
2. ኣብቲ እንዳ ፖሊስ እንተበዝሐ 24 ሰዓታት ኢኻ ክትጸንሕ ዝፍቀደካ። ብድሕሪ ክትወጽእ ኮለኻ እቶም ፖሊስ ኩሉ እቲ ንብረትካ ክመልሱልካ ግዴትኦም ዩ።
3. ብ ትርጁማን ክትሕገዝ መሰል ኣለካ( ቋንቋ ናትካ ዝዛረብ ቱርጅማን ሕተት) ንዝኾነ ዝቕረበልካ ወረቃቅቲ ከይትፍርም። እቶም ፖሊስ “ንኽትስማዕ መሰል ኣለካ” ኣለካ ዝብል ወረቀት ክህቡኻ እዮም። ንምጽሓፍን ከምኡ ውን ነቲ ወረቃቅቲ ኣብ ምትርጓም ዝሕግዘካ ናትካ ቋንቋ ዝዛረብ ትርጁማን ክትዕጀብ ሕተቶም። እዚ ወረቅት እዚ ደሓር ካብቲ ዕጽው ማእከል ንኽትወጽእ ክትሓትት ኮለኻ ኣገዳሲ ዩ። ስለዚ ኩሎም እቶም ምኽንያታት ንምንታይ ናብ ትውልዲ ሃገርካ ክትምለስ ከምዘይትደልን (ወይ ድማ ናብ ዓሽራኻ ዝወሰደት ሃገር) ከምኡ ውን ብዛዕባ ኣብ በልጁም ዘለካ ርክብን ዘለዉኻ ስድራን ቆልዑትን ካልን ጽሓፍ።
4. ኣብቲ መርመራ ዝሓቱኻ ሕቶታት ክትምልስ ፍቅደኛ እንተዘይኮንካ ሱቅ ክትብል መሰል ኣለካ።

ምስተፈታሕካ ነቲ ትኣምኖ ሰብ ሓብር።

**<u>ናብ ዕጹው ማእከል ምስ ዝወስዱኻ</u>**

1. ብ ዕጹው ማእከል ምስ በጻሕካ ትሌፊንካ ክሕድጉኻ እዮም። ስለዚ ኣብ ናይቶም ዘድልዩኻ ሰባትን ናይ ጠበቃኻን ተሌፎን ኣብ ንእሽተይ ወረቀት ጽሓፎ
2. ኣብቲ ማእከል ምስ በጻሕካ ብቅልጡፍ ንቀራቢኻ ከምኡ ውን ንጠበቃኻ ሓብር ተሌፎን እንዲሒር ዘይብልካ ኮይኑ ሕጂ ውን ተሌፎን ኣደውሉኒ ኢልካ ደውል።
3. ንዝኾነ ዝወሃቡኻ ወረቃቅቲ ከይትፍርም። ሓደ ካብቶም ክትፍርሞም ዝወሃቡኻ ወረቃቅቲ ብድሌትካ ንሃገርካ ክትምለስ ዝብል ክኸውን ከምዝኽእል ኣስተውዒልካ ንምርግጋጽ ብጥንቃቀ ኣንብቦም።
4. ብቅልጡፍ ንጉዳይካ ክከታተል ዝኽእል ጠበቃ ርኸብ። ጉዳይካ ሪኡ ክቃለሰልካ ዝኽእል ሰብ ምርካብ ኣዝዩ ኣገዳሲ ብምኳኑ እዚ ሰብ እዚ ኸኣ እቲ ቀዳመ ሰንበት ከይተረፈ ብቅልጡፍ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልቲ ይግባይ ክሓትት ዝኽእል ጠበቃ ጥራይ ስለዝኾነ ዩ። ብቀረብትኻ ዝኾኑ ሰባት ጥዑይ ዩ ዝተበሃለ ጠበቃ ጥራይ ተቀበል። ካብ ናጻ ዝኾነ ኣገልግሎት ዝህቡኻ (pro bono ጠበቃ ) ዝበሃሉ ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ። ንሕና ውን ካብዚኦም ክትሕዝ ንመኽረካ ምኽንያቱ ብዙሕ ገንዘብ ዘኽፍሉኻ ጠበቃታት ውን ጽቡቅ ዝኾነ ኣገልግሎት ኣለዎም ማለት ስለዘይኮነ። ብጥረ ገንዘብ ክፈለና ዝብሉ ጠበቃታት ጥዑያት ስለዘይኮኑ ከይትኣምኖም።
5. ናይ ሾሻል ሰራሕተኛታት ከይትኣምን፡ ብ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ዝተቆጸሩ ከም ምኳኖም መጠን መልእኽቶም ንጹር ዩ፡ ዕላምኦም ድማ ንሃገርካ ክትምለስ ምትብባዕ ዩ።
6. ኣብቲ ዕጹው ማእከል ናብ Getting the Voice Out (0465 24 24 30) ዝብሉ ጉጅለ ክትድውል ትኽእል። ኣብ ዕጹው ማእከልን፡ እስርቤትን ንዘለዉ ሰባት ዝሕግዙን ኣብቲ ማእከል ንዘጋጥመካ ዘበለ ዘመሓላልፉ ከምኡ ውን ናብ ተሌፎንካ ክረዲት ኣብ ምስዳድን ጠበቃን ተበሓኪምን ኣብ ምርካብ ዝሕግዙ ጉጅለ እዮም።

ምስ ወጻኻ ቀረብትኻ ዝኾኑ ሰባት ሓብር።

እዞም ተሌፎናት መዝግቦም ከምኡ ውን ናይዛ ወረቀት እዚኣ ስእሊ ውሰድ።

ናብ የዕሩኽትኻ ውን ስደዳ።